ኣቦና ወልወል ኣቦና ኢብራሂም ሱልጣን
ባሪኾሞ ሕልና ብናይ ልቦና ዕጣን
ምስ መለኮት ዝመልኦ መንፈስ ናይ ሓድነት
ኣብ ዋዕላ ውዒሎም ብምስሎም ብኡነት፡
    ‘ዞም ደቀይ ይኣክል ዝሓለፈ ኮለል
    ብጥቕመ ፈሊጣውያን ከይንታለል
    ሃየ ጥንቕቕ! በሉ ክልተሻዕ ሕሰቡ
    ንቕድሚት ድኣንበር ድሓር ከይትስሕቡ፡
ህዝቢ ይጽበሎ ናይ ተስፋ ከበሮ
ሓንቲስ ስመሩምበር ኣለዎ ዝገብሮ
ኢድን ጓንትን ኩኑ ንታሪኽን ዛንታን
ሰሲንኩም ክትዓብዩ ኮንኩም ሺሕን ዋልታን፡
    ኣስላማይ ክስታናይ መታሕት ከበሳ
    ሓደዩ ቅልጽምካ ዋዕሮ ምስ ኣንበሳ
    ዝዕወት! በሉሞ ዓወትኩም ንገሩ
    ዋዕላኩም ዛዚምኩም ዝግበር ክትገብሩ፡
እወ! ካብቲ ስእሎም ዝቅስቅስ ሕልና
ዘምጻኣኩም ግበሩ ስዉእ ከይከሰና
በቲ ዘይርሳዕ ቃላት ናይ ደም ፌደላት
ብናይ ሕልና ማሕላ ኣቲና ውዕላት፡
    ዘገርም ኣይኮነን ኣብ ሞንጎ ስርናይ
    ክርዳድ ክህሉዩ ዘይጠቅም ግናይ
    ብዙሕ ዝዓግበሉ ተጋቢኡ ዋዕላ
    ሽፈጥ ተኸሺሑ ስርሒት ዕዋላ፡

**ተበገስ ተዓጠቕ ግዴኻ ተሪፉ**

**ይጽበየካሎ ስራሕ ተረፍሪፉ**

**ሃየ ንዘክራ ጌጽ ሓምሳ ለሚን**

**ኒሕና ይኹን ሓቦን ገዝሚን።**

**ብጴጥሮስ ተኽሉ፣** (**ሓልዪ**)

26/08/2010